# እታ ዓባይ ጻዕዳ ሱር

1.
ኣብ ሓደ ጀርዲን ናይ ኣቦይ ዓቢ
ሓንቲ ዘይ ንቡር ጻዕዳ ሱር በቚለት።

2.
ኣቦይ ዓቢ ስሒቦም፣ ስሒቦም፣ ስሒቦም
ግን እታ ጻዕዳ ሱር ምውጻእ ኣበየት።
ኣቦይ ዓቢ ንኣደይ ዓባይ ጸውዑ።

3.
ኣቦይ ዓቢ ምስ ኣደይ ዓባይ ስሒቦም፣ ስሒቦም፣ ስሒቦም
ግን እታ ጻዕዳ ሱር ምውጻእ ኣበየት።
ኣደይ ዓባይ ንጓል ወደን ጸውዓ።

4.
ኣቦይ ዓቢ፣ ኣደይ ዓባይን ጓል ወደምን
ስሒቦም፣ ስሒቦም፣ ስሒቦም
ግን እታ ጻዕዳ ሱር ምውጻእ ኣበየት።
ጓል ወደም ንከልቢ ጸውዔት።

5.
ኣቦይ ዓቢ፣ ኣደይ ዓባይ፣ ጓል ወደምን ከልብን
ስሒቦም፣ ስሒቦም፣ ስሒቦም
ግን እታ ጻዕዳ ሱር ምውጻእ ኣበየት።
እቲ ከልቢ ንድሙ ጸውዔ።

6.
ኣቦይ ዓቢ፣ ኣደይ ዓባይ፤ ጓል ወደም፣ ከልቢን ድሙን
ስሒቦም፣ ስሒቦም፣ ስሒቦም
ግን እታ ጻዕዳ ሱር ምውጻእ ኣበየት።
ድሙ ንኣንጭዋ ጸውዔት።
ኣቦይ ዓቢ፣ ኣደይ ዓባይ፣ ጓል ወደም፣ ከልቢ፣ ድሙንን ኣንጭዋን
ስሒቦም ስሒቦም ስሒቦም...

7.
ኣብ መወዳእታ ንኣንጭዋ ምስጋና ይብጽሓያ፣ ኩሎም ስሂቦም
ነታ ዓባይ ጻዕዳ ሱር ካብቲ ጃርዲን ኣውጽእዋ።